# ዕለት፡ ሓደ መስከረም 2010

ካብ ሃብተማርያም ሚካኤል (ሃብተ ደጎል) ካሊፎርኒያ

ሓደ መስከረም

**ሓደ መስከረም ታሪኻዊት ዕለት**
**ቦኽሪ ጥይት ጸረ መግዛእቲ ዝተጀመረት**
**ብ1961 ብጅግና ሓምድ እድሪስ ዓወተ ተቶኲሰት**
**ብሓርበኛ ሓምድ እድሪስ ዓወተ**
**ዝተጀመረ ናይ ቃልሲ መኸተ**
**ብ1991 ሃገራዊ ናጽነት ኣዓወተ**
**እንተኾነ ግን ብኽዳዕ ኢሰያስ ናጽነትና ተጨውየ**
**ህዝብና ተዓፊኑ-ተኣስረ-ተቐትለ- ህይወቱ ደመየ**
**ብኣርዑት ባርነት ተቐዝፈ-ተሰደ-ብሑሱም ተሳቐየ**

**ስለዚ ሕጂ እንታይ ይገበር? ካብ ውሽጥና መፍትሒ ንኽፍጠር፡ ንደቅስ'ዶ ንበራበር?**
**ንበታተን'ዶ ብሓደ ንሕበር?**
**ፖለቲካ'ዶ ይዘመር ወይ ብሓይሊ ዕጥቂ ይተግበር?**
**ህግደፍ ከይጠፍአ የለን ሰላም!!!**
**ከዳዕ ጠላም ኣልቦ ሕጊ ኣልቦ ቅዋም**
**በላዕተኛ ኣራዊት እንስሳ ዘገዳም**

መንእሰይ! ዕጠቕ-ተለዓል ሴፍካ ምልሓዮ
መንእሰይ! ንህግደፍ በንቀኑሶ ሓግሒግካ ኣውጽኣዮ
መንእሰይ! ንጃንዳ ማፍያ ጸራሪግካ ኣጥፍኣዮ
መንእሰይ! ንጭፍራ ህግደፍ ኣቃጽሎ ሓዊ ኣብልዓዮ
ምሁራት ኣጥፊኡ የሳድድ መንእሰያት
ስጋ ሰብ ዝምገብ በላዕተኛ ስርዓት
ሓሶት ለቢሱ ይነብር ብኽድዓት
ዘርኢ ድያብሎስ ናይ ኤርትራ መንድዓት
ዲክታተር ኢሰያስ እዚ ዕቡድ ከልቢ
ንኹሉ ዳጕንዎ ንእሽቶ ምስ ዓቢ
ከይዛረብ ከይሰርሕ እዚ ጅግና ህዝቢ
ይቕንጸል-ይርሸን ኣሎ ደሙ ደም ከልቢ
መንእሰይ ይሃልቕ ኣሎ ይግፈፍ ከም ዓሳ
ንባርነት ተዓዲሉ ዘይብሉ ኣበሳ
ንመቋመሪ ህግደፍ ደሙ ንኮንቱ ይፈሳ
ኤርትራዊት ኣደ ብጓሂ ተደኒሳ

**ስለዚ ሕጂ እንታይ ይገበር?..........**

ጅግና ኤርትራዊ ተለዓል ንቃልሲ
ዕድል ኣይትሃቦ ነዚ በላዕ ነብሲ
ዝበጦ ግንባሩ ፍጹም ኣይተናሕሲ
ኣውጽኣዮ ልቡ ክስእን መተንፈሲ
ግዜ ከይወስድ ኣይተተንፍሶ
ሓማሽሾ ኣብራኹ ከየንቀሳቅሶ

ተርብዓዮ ከብዱ ሓሞቱ ክፈሶ
በታትኖ-ጠሓሕኖ ኣብ ሓመድ ልወሶ
ብሕሱም ክሳቓ ኣውጽኣዮ ኣምዕቱ
ዘክሮም ጀጋኑ ዘጥፍኦም ብኸንቱ
ዘክሮም ስንኩላን ዝረሸኖም ንኽሞቱ
ዘክሮም ናይ ዓዲ ኣበይቶ ብጅምላ ዝተኣኮቱ
ከይሃድም ከየምልጥ ግበረሉ መፈንጠራ
ዘክሮም እሱራት ኣብ መላእ ኤርትራ
ዘክሮም ሩሹናት ኣብ ኩሉ ስፍራ
ዘክሮም ስውኣት ዝተጠልሙ ሓደራ

ስለዚ ሕጂ እንታይ ይገበር?......
ሃገር ብዓዋሉ ክትሕመስ ኣይኮነን'ዶ ጋዶ
ጃንዳ ህግደፍ ኩሎም ማፍያታት ነጋዶ
ሓሰውቲ ዓጢነታት ዓዋሉ በጋሚዶ
መርዛማት ገባብል ነውራማት ወለዶ
ኣሕዋትና ኣሓትና ብኮንቱ ቆጽዩ
ቅዱስ ባህልና ኣበላሽዩ ኣዕንዩ
ወረጃ ህዝብና ተኣሲሩ ተኸርምዩ
ክቡር ህዝብና ብጥሜት ኣሳቕዩ
ቆጺርካ ዘይውዳእ ኣውሪዱ መቕዘፍቲ
ብጥሜት ብሕማም ይሞቱ ሕጻውንቲ
ውላዱ ዝተሰደ ንወላዲ 50 ሽሕ መቕጻዕቲ
ክኸፍል ዘይከኣለ ኣብ ናይ ስቃይ ማእሰርቲ
ማእለያ ዘይብሉ ገበናት ህግደፍ
መንእሰይ ክሳቓ ብዘይ ገበን ክግረፍ
ብኣስገዳድ ብጽፍዒት ንባርነት ክስለፍ
ንማፍያታት ከገልግል ብሓይሊ ይግፈፍ

ስለዚ ሕጂ እንታይ ይገበር?.........
ታሪኽ እሰያስ ታሪኽ ቅትለተ ነፍሳት
ምእንቲ ስልጣኑ ዘጥፍአ ክንደይ ኣሽሓት
ፍላስፋ ሓሶት ናይ ኤርትራ መዓት
ክቋመር ይነብር ብኽቡር ደም ስውኣት

ማፍያ ጃንዳ ህግደፍ እዞም ጕዋኑ
ፖሊቲካ ሓሶት ከእምኑ ይፍትኑ
ኣብ ፈቐዶ ዓድታት ሓሶት እንዳዓጠኑ
ንሓቀኛታት ደቂ ሃገር ኣሲሮም የማህሙኑ
ማፍያ ጃንዳ እሰያስ መሳርሒ ዝመልመሎም
ቍንቍኑ ሃገር ንኽኾኑ መርዚ ህዝቦም
ኣለውና ሰለይቲ ምብትታን ዝኣመሎም
ክፍደይዋ እዮም ክትጸንሖም እያ ኢዶም
ተለዓል ሓፋሽ ተመሃራይ ሸቃላይ
ተበገስ ህዝበይ ሓረስታይ ጸሓፋይ
ዕጠቕ ተቓዋማይ ብዘይ ኣፋላላይ
ህዝብና ነድሕኖካብ ዘለዎ ስቓይ

ስለዚ ሕጂ እንታይ ይገበር?......

ዕጥቂ እዩ መፍትሒ ንቃንዮ ብረትና
ኣብ ዕርዲ ህግደፍ ዘሎ ክመጽእ ናባና
ውሕስነት ህዝቢ ንኹን ነረጋግጽ ስምረትና
ሕጂ እዩ ግዝይኡ ንተንስእ ሓቢርና

ወጊድ ንበሎ ንስልጣን ንደርቢ
ህግደፍ ይወገድ ይርሃዎ ህዝቢ
ኣብ መቓብር ህግደፍ ፍትሕን ሰላምን ክዓቢ
ጉዳይ ስልጣን ግን ሓፋሽ እዩ ተረካቢ!!(2)

ዓወት ንተባዕ ተቓላሳይ ህዝብና!!
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስውኣትና!!

ሞትን ሕፍረትን ንጃንዳ ህግደፍን ሰዓብቱን!!
ኤርትራ ሃገርና ንዘለኣለም ተዘኪራን ከቢራን ትንበር!!

ካብ ሃብተ ደጎል ካሊፎርኒያ